ስትረምሱንድ ኮሙን

Tigrinja

# ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት

## ናብራ ንምኽያድ ከምኡእውን ብተወሳኺ ዝወሃብ ሓገዝ



### ሓደሓደ ሕቶታትን መልስታትን

ኩሎም ኣብ ስትረምሱነድ ኮሙን ተቐማጦ

መሰረታዊ ቅሳነት መሰል ናይ ገንዘብ ኣለዎም




ኣብ እዚ ኮሙን ዘለዉን ተቐማጦን ናብርኦም ባዕላቶም ከካኢዱ ምስዘይኽእሉ፤ ናይ ማሕበራዊ ናብዮት ደገፍ ንኽግበረሎም መሰል ኣለዎም/ወይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይፍቀደሎም።

# ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት

## ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት እንታይ የጠቓልል?

ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት ኣብ ክልተ መደባት ውልቃዊ ወጻእን ናይ ሓባር ናይ ገዛ ወጻእን ይምቀል።

ኣብ ናይ ውልቃዊ ወጻኢ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤ መግቢ፤ክዳወንትን/ጫማን፤ናይ ትርፊ እዋን/ጸወታን ጽሬትን እዩ።

ናይ ሓባር ናይ ገዛ ወጻኢ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤ ወረቓቕቲ ናይ ምጽራይን፤ ጋዜጣን፤ ስልክን፤ ከምኡእውን ናይ ስልኪ ናይ ዓመታዊ ግብርን እዩ።

## ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት ንኸንደይ ነገራት የማልእ?

**መግቢ**- ኣብ ገዛ መግቢ ንኽስራሕ፤ ብዘይካ ምሳሕ ኣብ ቤ/ትምህርቲ

**ክዳውንትን ጫማን**- ልሙድ መዓልታዊ ክዳውንቲ

**ናይ ትርፊ እዋንን ጸወታን** - ንኣብነት ትኬት ናይ ቺነማ፤ መጽሔታትን፤ መጻወቲ ኣቑሑት፤ ናይ ስፖርት ክዳውንትን፤ወዘተ...

**ጽሬት** - ልሙድ መዓልታዊ ኣቑሑት፤ ናይ ስኒ ክሬማ፤ ናይ ጸጉሪ ርእሲ ኣቑሑትን፤ ወዘተ...

**ወረቓቕቲ ጽሬት** -ኣቑሑት መጽረይቲ ገዛን ከምኡእውን ክዳውንቲ ብጽሬት መትሓዝን

**ጋዜጣን ስልክን ግብሪ ናይ ተለቪዥን ንምርኣይን** - ጋዜጣ ምግዛእን፤ ክፍሊት ስልክን ተለቪዥንን

## ኣየኖት ካልኦት መተካእታታት ሓገዝ ገንዘብ ክፍቀድ ይከኣል?

ንሓደሓደ ዝኸፈልካዮም ነገራት መተካእታ ይወሃበካ፤ ንኣብነት ክፍሊት ናይ ውሕስነት ገዛ፤ ክፍሊት ናይ ሓይሊ መብራህቲ፤ ክፍሊት ናይ መውዓሊ ሕጻናት፤ ክፍሊት ናብ ስራሕ መጎዓዓዚ፤ ክፍሊት ናይ ኣባልነት ማሕበር ሰራሕተኛታት፤ ክፍሊት ናይ ስራሕ ኣልቦን ሓገዝ ይወሃብ።

## ንናብራ ንምክያድ ብመጠኑ ዝወሃብ?

ምእንቲ መጠነኛ ናብራ ንኽትናበር ንዝኸፈልካዮም ነገራት ንኣብነት ቅብሊት ናይ ሓኪም፤ ናይ ሓኪም ስኒ፤ መረጼን ዓይኒ፤ መጠነና ኣቑሑ፤ ከምኡ እድማ ንውላድካ ንክትራኸብ ሓገዝ ይግበረልካ።



## ናተይ ገንዘብ ክህልወኒ ይፍቀደለይ ድዩ?

ገንዘብ ኣብ ባንክ ፤ ወይ ድማ ካልኦት ነገራት ብቐሊሉ ክሽየጥ ዝከኣሉ ነገራት ምስ ዝህልወካ ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት ኣይፍቀደልካን፤ ብዕድመ ጡረታ ንዝወጹ ሰባት ግን 50 % ካብ መሰረታዊ እቶት ክ ቐይሩ ይፍቀድ።

## ኣየኖት ነገራት ንኽትሕብር ትግደድ?

ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት ኣብ እትሓተሉ እዋን፤ እቶትካ ኣብ ሓደ ፍሉይ ኦረኒክ ወይ ፎርም ትመልእ። ዝመላእካዮ ወረቐት መረጋገጺ መሰነይታ ኣድለይቲ ወረቓቕቲ ኣተሓሒዝካ ትልእኽ። ንዘቕረብካዮ ሕቶታት ንምርግጋጽ ውዕል ምሳኻ ንገብር።

## ዘቕረብካዮም ጽሑፋት እንታይ ንገብሮ?

ነቲ ዝልኣኽካዮ ጽሑፍ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ኣብ ኮመፕዩትር ደብትር ንምዝግቦ፤ ብዛዕባኻ ኣብ ደብተር ዝጽሓፍ ጽሑፋት ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ንኸተንብቦ መሰል ኣለካ። ኣብ ደብተር ኩሉ ዝገበርካዮ ስራሓት ንምዝግብ። ብዛዕባኻ ዝተጻሕፈ ብምስጢር ይተሓዝ፤ ንጉዳይካ ዘይምልከቶ ሰብ ብዘይ ናትካ ፍቓድ ከንብቦ ኣይፍቀድን። ኩሎም ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ናብዮት ስራሓቶም ብምስጢር የካይዱ።

### ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ናብዮት ሒዘዮም ክመጽእ ዘለኒ ጉዳያት?

ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ናብዮት ኣብ እትኸደሉ እዋን ሒዝካዮም ክትመጽእ ዘለካ ነገራት፤ መንነት ወረቐት፤ ጸብጻብ እቶትካን፤ ቅብሊታትን፤ ካልኦት ንጉዳይካ ዘረጋግጹ ሓበሬታትን ተቐርብ።

### ስራሕ ኣልቦ ምስእትኸውን?

ምእንቲ ሓገዝ ካብ ማሕበራዊ ናብዮት ክወሃበካ ስራሕ ኣልቦ ስለዝኾንካ ስራሕ ትደሊ ከምዘለኻን ኣብ ናይ ስራሕ ኣልቦ ቤት ጽሕፈት ትምዘገብ። ኣብ ክፍሊ መራኸቢ ስራሕ ከምእተመዝገብካን ስራሕ ትደሊ ከምዘለኻ ድማ ተረጋግጽ።

### ገንዘብ ክልቃሕ ይፍቀደለይ ድዩ?

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ናብዮት ገንዘብ ኣየለቅሕን እዩ፤ ሓድሓደ እዋን ግን ገንዘብ ናይ ጡረታ፤ ገንዘብ ናይ ሕማም ፤ ከምዝመጸካ ምስእንፈልጥ ኣቐዲምና ንህበካ። ገንዘብ ዝሃብናካ ድማ ካብ ቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ ንወስዶ።



### መኪና ወይ ቱግቱገይ ክሸይጥ ይግደድ ድየ?

ዋጋ መኪናኻ ካብ ጠቕላላ ሓገዝ ናይ ወርሒ ዝወሃበካ ሓገዝ ዝተሓተ ምስዝኸውን ከምኡድማ ምእንቲ ስራሕካ ንኽትሰርሕ ምስእተድልየካ፤ ስንኩል ኣካል ስለዝኾንካ መኪና ስለተድልየካ፤ ንውላድካ ናብ መውዓሊ ሕጻናት ንምጉዕዓዝ፤ ወይ እቲ እትቕመጦ ቦታ ናይ መጎዓዓዚ ጸገማት ምስዝህሉ መኪናኻ ንኽትሸጣ ኣይትግደድን።

ቱግቱግ ናይ በረድ ብሙሉኡ ወይ ብመጠኑ ዝኸፈልካዮ፤ ብመኪና እትጉሰስ ዓረብያ ገዛ፤ ገዛውትን፤ ብረትን ምስዝህልወካ ከም ሀብቲ ይቑጸር።

### ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ምስዘቕርብ ዘጋጥመኒ ሳዕቤን?

ብዘይ ኣገባብ ወይ ብጥርጠራ ካብ ሕጊ ወጻኢ ምስዝውሃበካ ንኽትመልሶ ትግደድ፤ ወንጀል ስለዝኾነ ድማ ብጥርጠራ ናብ ፖሊስ ነመልክት።

### ብኸመይ ኣገባብ መንገዲ ይግባይ ክብል ይኽእል?

ንዝተዋህበካ ውሳኔ ይግባይ ክትብል ምስእትደሊ ብደብዳቤ ናብ ኮሚቴ ናይ ማሕበራዊ ናብዮት ካብታ ወሳኔ ዝተወሰነት መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ዘሎ እዋን ጥርዓን ተቕርብ።

ኮሚቴ ናይ ማሕበራዊ ናብዮት ንጉዳይካ መጽናዕቲ ኣካይዱ ለውጢ መስዘይገብር ጉዳይካ ናብ ምምሕዳር ቤት ፍርዲ እንደገና ንኽርእይዎ ይልእኮ። ብኸማይ ኣገባብ ነዚ ጉዳይ ከምእተካይድ ንምፍላጥ ምስ ናትካ ዋና ጸሓፊት ወይ ሶሻልሰክረታሪት ትዘራረብ።

**ይግባይ**

ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ናብ

**ኮሚቴ ማሕበራዊ ናብዮት**

**ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 199**

**833 22 ስትረምሱንድ**

**ቁጽሪ ስልኪ ናይ**

**ክፍሊ ማሕበራዊ ናብየት**

**ስትረምሱንድ**

**0670/163 20**

**ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ**

**ሰዓት 08.00 ክሳብ ሰዓት 12.00**

**ሁቲንግ**

**0671/71 66 00 መቐበሊ ስልኪ**

**ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ**

**ሰዓት 08.00 ክሳብ ሰዓት 15.00**

ኢመይል familjeomsorgen stromsund.se

ናብ ኢንተርነትና ክትርእይ ትክእል

www.stromsund.se

ብድሕርዚ "ደገፍ፣ ጹረትን ክንክንን ትመርጽ"

ስተረምሱንድ ኮሙን

BILD

**ክፍሊ ጴረትን ማሕበራዊ ናብዮትን**

ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 199፤ 833 22 ስትረምሱንድ

ቁጽሪ ስልኪ 0670/163 20

ኢንተርነት http:// [www.stromsund.se](http://www.stromsund.se)

ኢመይል: familjeomsorgen stromsund.se

ኢመይል familjeomsorgen stromsund.se

ናብ ኢንተርነትና ከትርእይ ትክእል